# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ

## (7ይ ክፋል)



ሓይልታት ሰውራ ኣብ ከባቢ ዓድታት ኣስመራ ሰፊረን፡ ብቐጻሊ ናይ ከተማ ስርሒታት ኣብ ዝፍጽማሉ ዝነበራ መወዳእታ ኣዋርሕ ናይ 1974፡ ስርዓት ደርግ ብወገኑ፡ ካብ ማእከል ኢትዮጵያ ሰራዊት ናብ ኣስመራ እናወሰኸ፡ እንተላይ ሓይሊ ባሕሪን ሓይሊ ኣየርን ካልኦት ብፍሉይ ተልእኾ ዝመጹ ኣሃዱታትን ኣብ ጸጥታዊ ስራሕ እናዋፈረ፡ ሓይሉ ከደልድል ይፍትን ነበረ። ፈዳይን ናይ ክልቲአን ውድባት ሰውራ ኤርትራ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ዝተፈላለየ ስርሒታት የካይዱ ነበሩ። ሓደ ካብቲ ንወተሃደራት ደርግ ዘሰንበደ ስርሒት፡ ኣብ ባር ጎንደርን ባር ኢንተርናሽናልን ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ደርግ ዝተፈጸመ ብዙሓት መኳንናት ዝተቐትልሉን ዝቘሰሉልን መጥቃዕቲ ቦምባ እዩ።

እቲ እዋን'ቲ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ብዝካየድ ዝነበረ ስርሒታት፡ ህዝቢ ኣስመራ ፍናኑ ክብ ኢሉ፡ ብፍላይ መንእሰያት፡ ናጽነት ንምቅልጣፍ ምስ ገድሊ ክተሓባበሩን ኣብ ስርዒታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ህዝባዊ ሓይልታትን ብስፍሓት ክውደቡን ዝጀመርሉ እዩ። በዚ ድማ ስርዓት ደርግ መንእሰያት ኣስመራ ምስ ተጋደልቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ምትሕብባርን ርክባትን ብራዕዲን ሽበራን ኣሰኪሑ ንምቑጻይ፡ ብዙሕ ግፍዒታት ክፍጽም ጀመረ። ሓደ ካብቲ መንእሰያት ንምርዓድን

ምሽባርን ዝተፈጸመ ግፍዓዊ ተግባራት፡ ኣብ ድሕሪ ህንጻ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝነበረ መዘናግዒ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ቀትሪ ምድሪ፡ ብመካይን መጺኦም፡ ብተኹሲ ጠያይት ብዙሓት መንእሰያት ዝቐተልሉ ፍጻመ እዩ።

ነዚ ቅትለት'ዚ ዝፈጸመ 'ዓፋኝ-ጓድ' (ዓፈንቲ) ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ 'ሕብረተ-እዝ' ብዝተባህለ ናይ ጸጥታ ትካል ዝዋፈር ዝነበረ ዕሉል ናይ ጭውያን ቅትለትን ጉጅለ እዩ። እዚ ጉጅለ'ዚ ብድሕሪ'ዚ ፍጻመ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ ብመደብ ንመንእሰያት ዒላማ ዝገበረ ብዙሕ ግፍዒታት ዝፍጽም ዝነበረ እዩ። ሓደ ካብቲ በዚ ጉጅለ'ዚ መንእሰያት ንምርዓድ ተባሂሉ ዝፍጸም ዝነበረ ኣረሜናዊ ተግባራት፡ 'ስርሒት ስልኪ ፒያኖ' ተባሂሉ ዝተጸውዐ ኣሰቃቒ ቅትለት እዩ። ካብ ጎደናታት መንእሰያት እናሓፈስካ፡ ኣብ መካይን ጽዒንካ ብምውሳድ፡ ኣብ ጽምው ዝበለ ከባቢ ብስልኪ ሓኒቕካ ብምቕታል፡ ሬሳታቶም ህዝቢ ርእዩ ክስካሕክሕን ክርዕድን ምእንቲ ኣብ ፈቖዶ ጎደናታት ምድርባይ ነበረ።




ስርዓት ደርግ፡ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ናይ ራዕዲን ሽበራን ተግባራት ጸጥታዊ ኩነታት ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከእቱ እዩ ዝህቅን ዝነበረ። ካብ ማእከል ኢትዮጵያ በብግዜኡ ሰራዊት እናወሰኸ ብምኻድ ድማ፡ ብተዛማዲ ሓይለይ ኣደልዲለ ምስ በለ፡ ንሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ካብ ከባቢ ዓድታት ኣስመራ ንምርሓቕ

መጥቃዕታዊ ተበግሶ ወሰደ። ፈለማ ዓርቢ መዓልቲ 31 ጥሪ 1975 ሰራዊት ኢትዮጵያ ሓይልታት ክልቲኣን ውድባት ናብ ዝዓረዳሉ ከባቢታት ሰሜንን ሰሜናዊ ምዕራብን ኣስመራ “ወፍሪ ቋራ” ዝተሰምየ መጥቃዕቲ ኣበገሰ። ‘ቋራ’ ሃጸይ ቴዎድሮስ ዝተወልደሉ ዓዲ እዩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ንወፍሪ ኣብ ዝተበገሰሉ ለይቲ ብኣንጻሩ ተጋደልቲ ሓደ ናብ ውሽጢ ኣስመራ ብምእታው ኣብ መዓስከራት ሰራዊት ኢትዮጵያ መጥቃዕቲ ፈጸሙ። በዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ በብወገኑ እናተኰሰ፡ ኣስመራ ካብ ሰዓት 7፡00 ናይ ምሸት ክሳብ ዝወግሕ ዕላማኡ ብዘይተነጸረ ብርቱዕ ተኹሲ ፈኰስቲን ከበድቲን ብረታት ክትናወጽ ሓደረት።

ጎድኒ ጎድኒ እዚ ተኹሲ’ዚ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ፡ (ቲራቮሎ፡ ሰኒታ፡ ቀሓውታ፡ ዝባንሰንቀይ፡ ሰታንታኡቶ፡ ገጀረት፡ ኣኽርያ፡ ሓድሽ ዓዲ፡ ገዛብርሃኑ ወዘተ.) ኣብ ከባቢኦም ናብ ዝነበረ መንበሪ ገዛውቲ ሲቪል ህዝቢ ፋሕ ኢሎም፡ መዓጹ እናሰበሩ፡ “ወንበዴ ሓቢእኩም ኣለኹም፡ ኣውጽእዎም” እናበሉ፡ ብዙሕ ሰብ ብጥይትን ሳንጃን ክቐትሉን ከጋፍዑን ሓደሩ።

ወተሃደራት ደርግ ንጽባሒቱ ንግሆ 1 ለካቲት 1975 ኣብ ከባቢ ወኪ-ድባ፡ ዓዲ ሸማግለ፡ ዓዲ ሃብተስሉስ ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. መጥቃዕቲ ቅድሚ ምጅማሮም፡ መቐጸልታ ናይቲ ዓርቢ ለይቲ ኣብ ኣስመራ ዝጀምርዎ ናብ ሰላማዊ ህዝቢ ዝቐንዐ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ወኪ-ዱባ፡ ጃምላዊ ህልቂት ፈጸሙ። ን81 ሰላማውያን ዜጋታት ድማ ብጠያይትን ካራታትን ተሰሂሎም ቀተሉዎም።



ኣብቲ ናይ ቀዳም 1 ለካቲት 1975 መጥቃዕቲ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብኽቢድ ብረትን መዳፍዕን ነፈርቲ ውግእን ተደጊፉ፡ ምዕራብ ካብ ኣስመራ ኣብ ከባቢ 6 ኪሎሜትር ምስ ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ክገጥም እንከሎ፡ ብሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣስመራ፡ ኣብ ከባቢ 5 ኪ.ሜ. ርሕቀት ንኣሃዱታት ህ.ሓ. ካብ ዓዲ ንፋስን በለዛን ከርሕቕ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነወ። ተጋደልቲ ኣትኪሎም ስለዝተዋግእዎ ግን ብኹሉ ዝተንቀሳቐሶ ከባቢታት ተጸፊዑ ከቢድ ክሳራ ተሰኪሙ ተመልሰ። ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ናይቲ ውግእ ክልተ ነፈርቲ ውግእ ጸላኢ፡ ሓንቲ ብተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ.፡ ሓንቲ ብተጋደልቲ ህ.ሓ. ተወቒዐን ወደቓ። ኣብዚ ውግእ'ዚ እቶም ብኹናት ሓድሕድ ዝሓለፉ ተጋደልቲ ክልቲኣን ውድባት፡ በብወገኖም ብዝመዝገብዎ ዝነበሩ ድሙቕ ዓወት ተሓቢኖም፡ ኣብ መንጎኦም ዝጸንሐ ምትፍናን ሃዲኡ፡ ሓድሕድ ናይ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን መገዲ ሓዙ።



ሰራዊት ኢትዮጵያ እንደገና ወጋሕታ ሰንበት 2 ለካቲት 1975 ብመዳፍዕን ነፈርቲን ተሰንዩ፡ ኣብ ከባቢ ዓዲ ንፋስ፡ በለዛን እምባዶርሆን መጥቃዕቲ ፈተነ። ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ድማ፡ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ከቢድ ውግእ ጸሚደን ሒዘንኦ ብምውዓል ከቢድ ክሳራ ኣሰከምኦ።

ሰኑይ ንግሆ 3 ለካቲት 1975፡ ውግእ ኣብ ከባቢ ዓዲ-ንፋስን በለዛን ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢ ዓዲ ያዕቆብን በለዛን ቀጸለ። ህዝቢ እተን ዓድታትን ከባቢኡን ሸማግለ፡ መንእሰይ፡ ቆልዓ ሰበይቲ ንተጋደልቲ ዕጥቂን-ስንቂን ብምቕራብ እናተሓጋገዘ

ሓያል ውግእ ክካየድ ወዓለ። ኣብዚ ውግእ'ዚ ትካል ሓይሊ ኤሌትሪክ በለዛ ዓነወ። ኣስመራ ድማ ጸልመተት። ኣብቲ ዕለት'ቲ ነፈርቲ ስርዓት ደርግ፡ ወተሃደራዊ ዒላማታት ገዲፈን፡ ኣብ ማእከል ሰላማዊ ህዝቢ ዝነብሮ ዓድታት ደብዳብ ክፍጽማ ወዓላ። በዚ ደብዳብ'ዚ ከኣ ዓሰርተታት በርጌስ ተቐትሉ። ኣብቲ ጸላኢ ብዝተፈላለየ ኣንፈት እናወፈረ ዘካየዶ ውግኣት፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብርቱዕ ጉድኣት ወሪድዎ፡ ክስጉም ኣይከኣለን። ንተጋደልቲ ካብ ከባቢ ኣስመራ ናይ ምርሓቕ ውጥኑ ድማ ፈሺለ። ሆስፒታላት ኣስመራ ብውጉኣት ወተሃደራት ኣዕለቕለቓ። በዚ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኤርትራ ካብ ዝነበረ ሰራዊት ዳርጋ 60% ብህጹጽ ናብ ኣስመራ ብምስሓብ፡ ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ተጋደልቲ ከይትወድቕ ኣብ ምክልኻል ኣተወ።

ስሉስ 4 ለካቲት 1975፡ ሰዓት 8፡00 ናይ ምሸት ኣሃዱታት ህ.ሓ. ናብ ውሽጢ ኣስመራ ብምእታው፡ ኣብ ስታንታ-ኡቶ ወተሃደራዊ ሆስፒታል ኣብ ዝርከቦ 'መዓስከር 35ኛ ሻለቃ'፡ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ከፊተን፡ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ባራካታቱ እንከሎ ዘንስብር ጉድኣት ኣውረዳሉ።

በዚ መጥቃዕቲ'ዚ እምብዛ ዝረዓዱ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ብሕርቃን ሕነ ናይቲ ዝወረዶም ከቢድ ጉድኣት፡ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ኣስመራ ክፈድዩ እንደገና ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ ናብ መንበሪ ገዛውቲሲቪል ህዝቢ ተዋፈሩ። ህዝቢ ኣስመራ ጃምላዊ ህልቂት ኣንጸላለዎ። ወተሃደራት ንሰላማውያን ሰባት ኣብ ማእከል ገዝኦም እናኣተው ብጥይትን ብሳንጃን ዛሕዝሕዎም። ከብሒታት እናሰበሩ፡ ወርቂን ገንዘብን ካልእ ዝረኸብዎ ክቡር ንብረትን ዘመቱ። በዚ ተግባር'ዚ ምሉእ ብምሉእ ዝጸነታ፡ ሓደ ክልተ ውጽኣ-መዓት ጥራይ ሒዘን ዝተረፋ ስድራቤታት ብዙሓት ነበራ። በዚ ጨካን ተግባር፡ ህዝቢ ብራዕዲ ገዛውቱ ራሕሪሑ ብምህዳም፡ ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ተዓቚበ። ብዙሓት ስድራቤታት ከኣ፡ ደቀን ሒዘን ብጉዕዞ እግሪ ናብ መበቆል ዓድታተን ክሃድማ ተገደዳ።



ቅትለት ተማሃሮ ደቀንስትዮ ቤት ትምህርቲ ፖቴጎ

በዚ ሲቪል ህዝቢ ናይ ምቕታልን ምሕራድን ባርባራዊ ተግባር፡ ኣዝየን ዝተሃስያ ከባቢታት ገጀረትን ዝባን-ስንቀይን ነበራ። ካብ ገዛውቲ ወጻኢ ኣብ ፈቖዶ ጎደናታት ዝተቐትሉ ዜጋታት፡ መካይን ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ እናኣረያ ናብ ሆስፒታላት የብጽሕኦም ስለዝነበራ፡ ሆስፒታላት ኣስመራ ብምውታትን ቁሱላትን ሰላማዊ ህዝቢ ኣዕለቕለቓ። ህዝቢ ዝገብሮ ምስ ጨነቖ፡ ተኣኪቡ ናብ ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ብምኻድ፡ ቁጥዐኡን ጥርዓኑን ገለጸ። እዚ ናይ ሕረድ-ቅተል ቅንያት፡ ብህዝቢ ኣስመራ 'ዕግርግር ኣስመራ' ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። ኣብቲ ቅንያት'ቲ ናይ ዝተቐትሉ ሰላማውያን ዜጋታት ቁጽሪ ብልክዕ ዝገልጽ ሓበሬታ የለን። ልዕሊ 1000 ከምዝኾነ ግን ይግመት። ኣብ ገለ ሰነዳት እውን ክሳብ 3000 ከምዝበጽሐ ተገሊጹ ኣሎ። ተጻርዩ ብግቡእ ክስነድ ዘለዎ ድማ እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሆስፒታላት ድሃይ ደቁ፡ ኣሕዋቱን ኣዝማዱን ከጣይቕ ንዝመጸ 'ሬሳኹም ኣለሊኹም ውሰዱ' ይብላ ስለዝነበራ፡ ህዝቢ ካብ መንጎ'ቲ ብዙሕ ሬሳታት፡ ኣዝማዱ እናለላለየ ብምውሳድ ሓመድ ኣዳም የልብሶም ነበረ።